ሓዳስ ኤርትራ

The State of ERITREA

መበል 30 ዓመት ቁ.65 | ቀዳም 28 ሕዳር 2020 | ገጻት 4 ዋጋ 2.00 ናቕፋ


ገጽ. 2

ደቡብ ኮርያ፡ ፕዮንግያንግ ክታበት ኮሮና ክትሰርቓ ከምዝፈተነት ትኸሰስ



ገጽ. 3

ኣገረምቲ ሓቅታት ብዛዕባ ኣካላት ደቂ-ሰብ




ገጽ. 4

ማራዶና!



# ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ኣብ መላእ ሃገር ሰፊሕ መደብ ክታበት ጥሪት የካይድ

ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ጥዕና ጥሪት ብምሕላው ዝሀብኦ ምህርቲ ንምዕባይ፡ ኣብ መላእ ሃገር ሰፊሕ መደብ ክታበት የካይድ ኣሎ።

ኣብ'ዚ ኣስታት 1.5 ሚልዮን እንስሳታት ንምኽታብ ዝዓለመ መደብ፡ ሕማማት ፍርማይ ከብቲ፡ ፍርማይ ጤለ-ብገል፡ ሕማም ምቝላዕን ሕማም ዕቡድ ከልብን ፍሉይ ኣተኩሮ ተዋሂብዎም ከምዘሎ፡ ጨንፈር ህዝባዊ ርክባት ሚኒስትሪ ሕርሻ ሓቢሩ።

ኣብ ሚኒስትሪ ሕርሻ ዳይረክተር ጨንፈር ጥዕና እንስሳን ብቑልን ዶክተር የናስ ወልዱ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ክታበት ኣብ ምውሓስ ጥዕና ጥሪት ዘለዎ ግደ ርዱእ ስለዝኾነ፡ ሚኒስትሪ ሕርሻ ዓመት-መጸ ዓቢ ኣድህቦ ሂቡ ከምዝሰርሓሉ ገሊጹ።

እቲ መደብ ብጽቡቕ ይቕጽል ከምዘሎ፡ ዛጊት ድማ ኣስታት 300 ሽሕ ጤለ-ብገልን 100 ሽሕ ከብትን ከምእተኸትባ ዝጠቐሰ ዶ/ር የናስ፡ ብቐጻሊ ሕማማት ዝርኣየሉ ቦታታት ተለልዩ፡ ፍሉይ ቈላሕታ ተዋሂብዎ ከምዘሎ ኣብሪሁ።

ኣብ መወዳእታ ዶክተር የናስ፡ ሓረስቶት ንኣጕዳሰሉ ናይ'ዚ መደብ ተገንዚቦም፡ ጥሪቶም ናብ ዝቐረበ ነቑጣ ብምውሳድ ብግቡእ ከኸትብዎን ምትሕብባርም ክገብሩን ኣዘኻኺሩ።



# ዓዲ ቐይሕ - ጽጉማት ሰድራቤታት ተጣይሰን

ጨንፈር ሚኒስትሪ ሰራሕን ማሕበራዊ ድሕንነትን ኣብ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ቐይሕ፡ ስዉኣትን ዘኽታማትን ንዝኾኑ 13 ጽጉማት ሰድራቤታት ብጥሪት ኣጣይሱ።

ብ21 ሕዳር ኣብ ዝተኻየደ መደብ፡ እተን ሰድራቤታት ነፍሲ-ወከፈን ብዋጋ 10 ሽሕ ናቕፋ ከምእተጣየሳ፡ ሓላፊት'ቲ ጨንፈሪ ወይዘሪት መድሃኒት ግርማይ ገሊጻ።

እተን ከቶም ምርጫአን ብጤለ-ብገል፡ ኣብዑርን መጻዓኛን ዝተጣየሳ ሰድራቤታት፡ ካብ ምምሕዳራት ከባቢ እምባ-ኳኳት፡ ዓዲ-ለጃ፡ ኣወሀ፡ ዓዲ-ሻንታ፡ መንደፈራን ሕረትን ምዃነን ወከልቲ ኢረና ሓቢሩ።

# ሽግር ዝሰተ ማይ ገልዓሎ ንምቕላል ጻዕርታት ይካየድ

ኣብ ዝተፈላለያ ምምሕዳራት ከባቢ ንኡስ ዞባ ገልዓሎ፡ ሽግር ዝሰተ ማይ ንምቕላል ዕቱብ ጻዕርታት ይካየድ ከምዘሎ፡ ኣመሓዳሪ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ማሕሙድ ኢብራሂም ገሊጹ። ንኤሪና ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኣቶ ማሕሙድ፡ ህዝቢ ጽሬቱ ዝተሓለወ ማይ ንኽረክብ ኣብ ዝሰላሰል ዘሎ ስርሓት፡ ብጸሓያዊ ጸዓት፡ ሞቶረን ናይ ኢድ ፖምፓን ዝሰርሓ ብርክት ዝበላ ነቑጣታት ማይ ከምእተዋደዳ ብምግላጽ፡ ኣብ ኣርባዕተ ምምሕዳራት ከባቢ ግና ብሰንኪ ዘይምጥርናፍ ዓድታትን ዘይጥጡሕ ጽርግያን ዛጊት ዝተዋደደ ፕሮጀክታት ማይ ስለዘየሉ፡ ኣብ 2021 ክትግበር መደብ ተታሒዙሉ ከምዘሎ ኣረዲኡ። ኣብ ምምሕዳራት ከባቢ ድሉሕን መካዕሊን ከምኡ'ውን ካልኦት ከባቢታት፡ ትሕተ-ባይታዊ ጋብላታት ተሰሪሐን ኣገልግሎት ይህባ ከምዘለዋ ዝጠቐሰ ኣቶ ማሕሙድ፡ ኣብቲ ጸገማት ማይ ዘለዎ ከባቢታት፡ ብወፈራ ራህያታት ይሰራሓ ከምዘለዋ ኣረዲኡ። ቀረብ ማይ ማእከል ምምሕዳር'ቲ ንኡስ ዞባ ዝኾነት ገልዓሎ ንምውሓስ'ውን፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ዝጸንሐ፡ ብልዕሊ ፍርቂ ሚልዮን ናቕፋ 250 ፊስቶ ዝሕዝ ገንኢ ከምእተሰርሐ ኣብሪሁ።

ኣብ መወዳእታ ኣቶ ማሕሙድ፡ ህዝቢ ኣብቲ ዝካየድ ዘሎ ስርሓት ኣበርክቶኡ ከዕዝዝ ብምዝኽኻር፡ ፋሕ ኢሉን ዝርከብ ዓድታት፡ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ኣብ ዝረኽቡሉ ከባቢ ክጥርነፉ ጸዊዑ።

ካብ ባጽዕ 135 ኪሎ-ሜተር ንሸነኽ ደቡባዊ ምብራቕ ዝርከብ ንኡስ ዞባ ገልዓሎ፡ 12 ምምሕዳራት ከባቢ ይጥርንፍ።

# ጎልጅ - ኣገልግሎት ማእከል ጥዕና ንምምዕባል ይሰራሓሉ

ማእከል ጥዕና ጎልጅ እትህቦ ኣገልግሎት ንምምዕባልን ንምስፋሕን፡ ቀዳምነት ተዋሂቡ ይሰራሓሉ ከምዘሎ ተገሊጹ።

ሓላፊ'ታ ማእከል ጥዕና ነርስ ተኽለ ዘወንጌል ንኤሪና ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ምቁጽጻር ተመሓላለፍትን ዘይተመሓላለፍትን ሕማማት፡ ምክትታል ኑብስ-ጾራት፡ ስሩዕ ክታበት ህጻናት፡ ወለንታዊ መርመራን ካልእን ኣገልግሎታት ከምዝወሃብ ብምጥቃስ፡ ነዚ ንምስፋሕ ዝትግበር መደባት ከምዘሎ ኣረዲኡ።

ሚኒስትሪ ጥዕና፡ ደረጃ'ታ ማእከል ጥዕና ንምዕባይ ቡብመድረኹ ዝትግበሩ መደባት ከሰላስል ምጽንሑ፡ ብፍላይ ኣብ ብቕዓት ሰብ ሞያ ጥዕና ብዝተወሰደ ተበግሶ፡ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ብደረጃ ክኢላዊ ዓቕሚ ናብ ደረጃ ኮማዊ ሆስፒታል ዝበርኽ ብቕዓት ተደሊቡ ከምዘሎ ብምግላጽ፡ ኣብ መዳይ መሳርሒታት እውን ተመሳሳሊ ለውጢ ንምምጻእ እቲ ጻዕሪ ቀጻሊ ምዃኑ ኣብሪሁ።

እታ ማእከል ጥዕና ዝተማልአ ኣገልግሎት ኣብ እትህበሉ ደረጃ ክትበጽሕ ኣብ ዝካየድ ዘሎ ጻዕሪ፡ ተራ ህዝብን መሻርኽትን ክዓዝዝ ድማ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ ንኡስ ዞባ ጎልጅ፡ ኣብ ኦምሓጀርን ጎልጅን ክልተ ማእከላት ጥዕና፡ ኣብ ካልኦት ምምሕዳራት ከባቢ ድማ ሸውዓተ መደበራት ጥዕና ኣገልግሎት ይህባ ከምዘለዋ፡ ሰነዳት ምምሕዳር'ቲ ንኡስ ዞባ የመልክቱ።



# ዜና ወጻኢ

ተስፋኣለም የማነ

## ተወሳኺ

ኣብ ሃገረ ኬንያ፡ ሓደ ሞይቱ ተባሂሉ ብዓለባ ዝተገዝዘ ሰብ ሃንደበት ሂለዋቱ ከም ዝፈለጠ ሰቡማዚ. ጥዕና ሃገር ገሊጾም።

እቲ ፒተር ኪገን ዝተባህለ ወዲ 32 ዓመት መንእሰይ፡ ኣብ ገዛኡ ብጸንዕ ድሕሪ ምሕማሙ'ዩ ናብ ሆስፒታል ተወሲዱ። ትግሃስ ስለ ዘይነበሮ፡ ሓኪይም ናይቲ ሆስፒታል፡ ሞይቱ ኢሉም ናብ መጽንሒ. ሬሳ ሰዲዶሞ። እንተኾኑ፡ መቐርቡ ሬሳኡ ክወስዱ ኢሎም ምስ'ቶም ሓኪይም ናብቲ መጽንሒ. ሬሳ ምስ ኣተዉ፡ ሃንደበት ከስተንፍስ ስለ ዝጀንሩም፡ ብሰንባዲ ዝኣክል ኣብ ዝበሩዎ ቀዘዙ።

ንእሾቶ ሓዉ. ንጋዜጣ ስታንዳርድ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ክርእዮ ኢሉ ናብ ክፍሊ. ህጹጽ ረድኤት ቅድሚ ምእታዉ፡ ሓንቲ ነርስ መጺኣ "ሓውኻ ሞይቱ'ዩ" ኢላ ከምዝርድኣቶ ገሊጹ።

ንሱ ወሲኹ፡ "ሓንቲ ሰራሕተኛ ክፍሊ. መጽንሒ. ሬሳ ቴሌፎን ደዊላትለይ ናብኡ ምስ ከድና፡ ሓወይ ሰበሩቱ ክንቀሳቐስ ርኢናዮ። ኩላትና ድማ ሰንቢድና። ሞይቱ ተባሂሉ ኣብ ክፍሊ. ሬሳ ዝኣተወ ሰብ ከመይ ኢሉ ክንቀሳቐስ ይኽእል? ንዓይ ኣዝዩ ከቢድ እዩ" ክብል ተዛሪቡ።

ኣማሓዳሪት ሆስፒታል ጊልበርት ቼሩዮት ንጋዜጠኛታት ኣብ ዝሃቦ መብርሂ. ግን፡ ሰድራ እቲ ሕሙም ናይ ሞት ሰርተፊኬት ክሳብ ዝወሃቦም ከም ዝተጸበዩን ባዕሎም ናብ ክፍሊ. ሬሳ ከም ዝወሰዱዎምን ገሊጹ።

እቲ ኣብዚ. እዋን ከኑታት ጥዕናኡ ተመሓይሹ ዘሎ ሕሙም፡ ሰር ብዘሰደደ ሕማም ክሳቐ ዝጸንሐ ኮይኑ፡ "ብህይወት ክጸንሕ ምኽኣለይ ሕገስ እየ፡ ድሕሪ ሕጂ ድማ ወንጌላዊ ኮይነ ከገልግል'የ" ኢሉ።



ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ

ኣስፍሃ ተኽለማርያም
ቍ.ስ 116266 / 201820(2220)

ቦርድ ምስንዳእ

ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ኤርምያስ ገብረልዑል
ሺሃብ ኣርኣያ
ተስፋኣለም የማነ

ቍ.ስ 201820 (2214)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት

ሳምራዊት መለስ
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ
ሰማያዊት ሓይለኣብ
ቤተልሄም ታደሰ
ፋርቱና ኤፍረም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ. 200454-07121322
ምልክታ ስ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284


## ደቡብ ኮርያ፡ ፕዮንግያንግ ክታበት ኮረና ክትሰርቕ ከምዝፈተነት ተኸሲሳ

ሶሜን ኮርያ፡ ብኩባንያታት መፍረ-መድሃኒት ደቡብ ኮርያ ኣብ ምምዕባል ንዘርከብ ክታበት ኮቪድ-19 ክትሰርቕ ከምዝፈተነት፡ ሰቡማዚ. ደቡብ ኮርያ ከሲሶም።

ኣገልግሎት ዜና'ታ ሃገር ንሓደ ደቡብ ኮርያዊ በዓል-ስልጣን ስለያ ብምጥቃስ ትማሊ. ዓርቢ. ኣብ ዝፈነዎ ዜና፡ እቲ ኽዓምፕዩተራት ናይ'ተን ኩባንያታት ብምስርሳር ዝተኻየደ ፈተነ ስርቂ፡ ዕላማኡ ከይወቓዐ ብወከል ስለያ ደቡብ ኮርያ ከምዝፈሸለ ሓቢሩ። እቲ ኣገልግሎት ዜና፡ በቲ ሶሜን ኮርያ ዘቐደቶ ስርሰራ ኣብ ልዕሊ.'ተን ኩባንያታት ዝኸሳ ጉድኣት ከምዝይወረደ'ኳ እንተ ጠቐሰ፡ ዝርዝር ኣስማት ናይ'ተን ፈተነ ስርቂ ዝተኻየደለን ኩባንያታት መፍረ-መድሃኒት ግን ኣይሓበረን። እንተኾነ ሶሜን ኮርያ፡ ነዚ. ብኣገልግሎት ዜና ደቡብ ኮርያ ዝተፈነወ ዜና ኣመልኪታ ዝሃበቶ ምላሽ የለን።

ዝሓለፈ ሰሙን'ውን ኩባንያ ማይክሮሶፍት ኣብ ዝሃርገሐ ሓበሬታ፡ ናይ መንግስታት ሩስያን ሶሜን ኮርያን ተለኣኣኽቲ ዝኾኑ ሰርሰርቲ (hackers)፡ ንመርበባት ናይ ሸውዓተ ኩባንያታት መፍረ-መድሃኒትን ሓያለ ተመራመርቲ ክታበትን ደቡብ ኮርያ፡ ካናዳ፡ ፈረንሳ፡ ህንድን ሕ.መ.ኣመሪካን ክሰርስሩ ይፍትኑ ከምዝለዉ ከሲሱ ነሩ። ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ዝሓለፈ ሓምለ'ውን ምስ መንግስቲ ቻይና ምትእስሳር ከምዘሎዎም ዝተጸርጠሩ ሰርሰርቲ ኣብ ሕ.መ.ኣመሪካ ዝመደበሩ 'ሞደርና' ዝተባህለ ኣብ መፍረ ክታበት ኮቪድ-19 ዝጽዕት ዘሎ ኩባንያ ብምጥቃዕ ሰነዳቱ ክሰርቁዎ ፈቲኖም ከምዝነበሩ ኣመሪካ ከሲሳ ነሩ።

ከምዝፍለጥ፡ ከም ደቡብ ኮርያ ዝኣመሰለ ብቑጠባ ዝማዕበላ ሃብታማት ሃገራት፡ ንኮቪድ-19 ዝከላኸል ብቑዕ ክታበት ንምምዕባል፡ ንምፍራይን ናብ ዕዳጋ ንምዝርጋሕን ኣብ ሓያል ውድድር'የን ተጸሚደን ዝርከባ። ናይ ኣመሪካ ኩባንያ ሞደርና ድማ፡ ኣብ ፈለማ ናይዚ. ወርሒ'ዚ. ኣብ ዝሃርገሖ ሓበሬታ፡ እቲ ኣማዕቢሉዎ ዘሎ ክታበት ንኮቪድ-19 ናይ ምክልኻል ብቕዓቱ 94.5 ሚእታዊት ከምዝኾነ ገሊጹ ኣሎ።



## "ክታበት ጸረ-ኮሮና ኣይክወስድን እየ" ፕረዚደንት ብራዚል

ተመራመርቲ ጸረ ኮቪድ-19 ክታበት ኣማዕቢሎም ከምዝለዉ. ኣብ ዝገልጹሉ ዘለዉ. እዋን፡ ብውልቁ ነቲ ክታበት ከምዘይኣምኖሉን ስለዚ. ድማ ከምዘይወስዶን ፕረዚደንት ብራዚል ጃየር ቦልሶናሮ ኣፍሊጡ።

እቲ ኣቐዲሙ ብኮሮና ቫይረስ ተለኺፉ ዝነበረን ኣብዚ. እዋን'ዚ. ሓወዩ ምህላዉን ዝተገልጸ ፕረዚደንት ንማዕከናት ዜና ሃገሩ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ብውልቁ ነዚ. 'ንተጠቀምቱ ደሊሎው ክሽውን ቀሪቡ' ተባሂሉ ብማዕከናት ዜና ዝነገረሉ ዘሎ መደበት ክታበት ብውልቁ ከምዘይኣምነሉ ሓቢሩ። "ክታበት ናይ ዘይምውሳድ መሰል ኣለኒ" ክብል ድማ ተዛሪቡ። "ዜጋታት ብራዚል ብድሌቶም ጥራይ እዮም ነዚ. ክታበት ጸረ-ኮሮና ክወስዱ፡ ናይ ዘይምውሳድ መሰሎም'ውን ሕሉው'ዩ" ብምባል ሓያሎ ሰባት ኣቐዲሞም ኣብ ልዕሊ.'ቲ ሓድሽ ክታበት ጥርጣረታት ከሕድሩ ዝድርኽ መግለጺ. ሂቡ።



እቲ ወዲ 65 ዓመት ፕረዚደንት፡ ዝሓለፈ. ሓምለ ብኮቪድ-19 ኣብ ዝተታሕዘሉ እዋን፡ ሃይድሮክሲክሎሮኪን ዝተባህለ ጸረ-ዓሶ መድሃኒት ብምውሳድ ጥራይ ካብቲ ሕማም ናጻ ከምዝኾነ ምግላጹ ኣይርሳዕን። እንተኾነ ተመራመርቲ፡ እቲ ንዓሶ ዝተዳለወ መድሃኒት ካብ ኮሮና ዘናግፍ ከምዘይኮነ ብምምልካት እዮም ንመግለጺ. ናይቲ ፕረዚደንት ዝኹንንዎ።

ፕረዚደንት ቦልሶናሮ፡ ነቲ ለበዳ ኮሮና ንምክልኻል ተባሂሉ ዝወሰድ ናይ ምርጋጥን ምውዳይ ማስከራን ስጕምትታት እውን 'ኣድማዕነት የብሉን' ክብል እዩ ዝወቅስ።

ብራዚል ድሕሪ ኣመሪካ ዝበዝሑ ግዳያት ኮሮና ዘለዋ ሃገር ኮይና፡ እዚ. ድማ መንግስቲ ቦልሶናሮ ኣድማዒ. ናይ ምክልኻል ስጕምቲ ብዘይምውሳዱ ዝሰዓበ ከምዝኾነ'የም ተቓወምቲ ወገናት ዝኸስሱ።

## ቀዳማይ ሚኒስተር ሱዳን ነበር ብቫይረስ ኮረና ሞይቱ

ቀዳማይ ሚኒስተር ሱዳን ነበር ሳድቕ ኣልማህዲ፡ ብዝገጠሞ መልከፍቲ ኮረና ቫይረስ ኣብ ጸዑቕ ሕክምናዊ ክትትል ድሕሪ ምጽናሕ፡ ዝሓለፈ. ሓሙስ ከምዝዓረፈ. ተሓቢሩ።

እቲ ኣብ 1989 ዐመር ኣልበሽር ብዝመርሖ እስላማዊ ጉጅለ ካብ ስልጣኑ ብዕልዋ ዝተኣልየ በዓል-ስልጣን ነበር፡ ምስ ካልኦት 21 ኣባላት ስድራቤቱ በቲ ቫይረስ ድሕሪ ምልካፉ ጥዕናኡ ብቕልጡፍ ክንቀልቀል ስለ ዝጀመረ፡ ዝበሓ ከይጸንሐ'ዩ ንዝበለጸ ሕክምና ናብ ሕ.ኢ.ዓረብ ተሰጊሩ። እንተኾነ፡ ኣብታ ሃገር ክተቐደሉ ድሕሪ ዝጸንሐ ናይ ሰለስተ ሰሙን ጸዑቕ ሕክምናዊ ክትትል፡ ኣብ መበል 84 ዓመቱ ዓሪፉ። ስነስርዓት ቀብሩ ድማ፡ ትማሊ. ዓርቢ. ንግሆ ኣብ ከተማ ኦምዱርማን ብወግዓዊ ኣገባብ ከምዝተፈጸመ ክፍለጥ ተኻኢሉ ኣሎ።

ኣብ ሱዳን ብደሞክራሲያዊ መገዲ. ናብ ስልጣን ካብ ዝመጹ መራሕቲ ናይ መወዳእታ ምዃኑ ዝነገረሉ ሳድቕ ኣልማህዲ፡ ኣብ 1966 እዩ ስልጣን ጨቢጡ። ብዝተፈላለየ ምኽንያት ኣብ መንጎ እናወደረን እናደየበን ድማ ክሳብ 1989 ኣብ ስልጣን ቀጺሉ። ንሱ፡ ድሕሪ'ቲ ብዐመር ኣልበሽር ዝተኻየደሉ ዕልዋ፡ ማእሰርትን ምኽልባትን ስለ ዝበዝሖ ካብታ ሃገር ወጺኡ ኣብ ስደት'ዩ ክነብር ጸኒሑ። ኣብ 2018 ኣንጻር ዐመር ኣል-በሽር ህዝባዊ ናዕቢ. ምስ ተላዕለ ድማ፡ ዳግማይ ናብ ሃገሩ ተመሊሱ።

መሰጋገሪ መንግስቲ ሱዳን፡ ብሞት ናይዚ. መራሒ. ነበር ዝተሰመየ ሓዘን ድሕሪ ምግላጽ፡ ኣብታ ሃገር ናይ ሰለስተ መዓልታት ሃገራዊ ሓዘን ኣዊጁ ኣሎ።

ኣብ ፖለቲካ ሱዳን ን65 ዓመታት ብምውሳእ ኣብ ህዝቢ. ሱዳን ሓያል ጽልዋ ከሕድር ከምዝኸኣለ ዝነገረሉ ሳድቕ ኣልማህዲ፡ መራሒ. ናይቲ ኣብ ሱዳን ሓደ ካብ ዝዓበዩ ፖለቲካውያን ሰልፊታት ዝኾነ ሰልፊ ዐማ ከምዝነበረ'ዩ ዝነገረሉ።



# ተርመመማ

ዳህላክ ነጋሲ

**ጽውጽዋይ**

**ቀዳማይ ክፋል**

## እታ ወኻርያ



ሓደ እዋን እታ ብሳላ ጉርሓን ተንኮላን ኩቡዳ ከይዓንገለት ዘይትውዕል ወኻርያ፣ ብጥምየት ምራቓ እናወሓጠት "ሎሚ ከይተመሳሕኩ እንተውዒለ ወኻርያ ኣይኮንኩን!" ኢላ እናፈከረት፣ ገለ ንምሳሕ ዝኾውና ዝህደን እንስሳ ኩተናዲ ጀመረት። ዘወር እናበለት እቲ ደፋሪ ዘይብሉ ንጉስ እንስሳታት ዝኾነ ኣንበሳ፣ ኣድጊ በረኻ ኣውዲቑ ክበልዕ ረኣየቶ።

ናብኡ ብምቕራብ ከኣ "ክቡር ኣያ ኣንበሳ ከመይ ውዒልካ?" ብምባል ኣዒንታ ናብ'ቲ ዝምገቦ ዝነበረ ተኸሊቶ። ኣንበሳ ግና ክበልዕ እምበር ክምልሰላ ኣይተራእየን። ወኻርያ ብህርፋን ምራቓ እናወሓጠት "ንቐደም?" ኩብላ ትጽበ ነበረት። ሓሳባ ግና ክሰምረላ ኣይከኣለን።

"ኣብ እዋን ምሳሕ እስከ ኣይትረብሽና" ኣንበሳ በቲ ዘፍርሕ ድምጹ ኣዒንቱ እናፍጠጠክትርሕቀሉ ሓበራ። ወኻርያ ንዓኣ'ውን ከየዳግማ ፈራሓ ግዜ ከይበልዐት ምስ ጥሙይ ኩቡዳ ካብ'ቲ ቦታ ተኣልየት።

ኣብ መንገዲ ኸኣ "ዋይ ኣነ ወኻርያ ረዳኢ ዘይብለይ፣ ጥምየተይ ርእዩ ዝድንግጸለይ!" ኢላ እናደረፈት ኩቡዳ እናሓኸኸት መንገዲ ቀጸለት።


ሃንደበት ግን ጥሚታ ዘባርር ኣጋጣሚ ተረኽበ። ሓንቲ ዕብይ ዝበለት ማንቲለ ሳዕረ-ማዕሪ እናበልዐት ጎፍ በለታ።

ወኻርያ ምስ ኑብሳ ምስ ተማኸረት፣ ኣዘንጊዓ እተጥቅዓሉ ቦታ መሪጻ ሰላሕ እናበለት፣ ንኽትጉብጣ ኣብ'ቲ ሳዕሪ በጥ በለት።

ወኻርያ እናተሓጎሰት ብህርፋን ቀስ ኢላ፣ እናተሓብአት ቀረበታ። ወዮ ሳዕረ-ማዕሪ ትበልዕ ዝነበረት ማንቲለ ኑብሳ ግዲ ነጊሩዋ ንየማን ንጸጋም ናብ ኩሉ ሸነኽ ድሕሪ ምጥማት እናነጠረት ሃደመት።

ወኻርያ ንኽትሕዛ እንተጎየየት ብድኻም ክትሰነፍ እምበር ማንቲለ ሒዛ ኩቡዳ ክትዕንግል ኣይተረኣየትን። ከም'ቲ ዝወዓለቶ ኩቡዳ እናሓኸኸት፣ ምራቓ እናወሓጠት፣ ኩቡዳ ብጽጋብ ክንፋሕ፣ መግቢ እንተ ረኺበት ተሰፋ ከይቑረጸት ተበገሰት።

**ይቕጽል**



## ኣገረምቲ ሓቅታት ብዛዕባ ኣካላት ደቂ-ሰብ

ውሽጣውን ግዳማውን ኣካላት ደቂ-ሰብ ብብዙሕ ዝተፈላለየ ክፋላት ዝቖመ እዩ። ነፍሲ-ወከፍ ኣካል ነናቱ ዕማምን ኣገዳስነትን ኣለዎ። ውህደት ኩሉ ክፋል ድማ ንሓደ ኣካል ክቐውምን ክንቀሳቐስን መሪሕ ተራ ይህልዎ። ካብ'ቲ ብኣሃዝ ኣዝዩ ብዙሕ ዝኾነ ክፍሊ ኣካላትና፣ ንውሑዳት ዓሰርተ ፍሉይ ወይ ዘገርም ተፈጥሮኣዊ ትዕድልቲ ወይ ባህሪ ምስ እንዕዘብ፦

1. ልቢ ደም ናብ ምሉእ ኣካላት ሰብነት ካብን ናብን ኣብ ምንቅስቓስ ልዑል ተራ ኣለዎ። ኣብ ሓደ መዓልቲ ህርመት ልብና 100,000 ግዜ ይበጽሕ። ስለዚ፣ ኣብ መዓልቲ 2,000 ጃሎን (4.5 ሊትሮ ዓቐን ፈሳሲ) ኣብ መላእ ኣካላት ትሰድድ። ከምኡ'ውን፣ ልቢ ኣብ ዓመት 36,500,000 ግዜ ክትሃርም እንከላ፣ ክሳብ ሰላሳ ዓመት ኣብ ዘሎ ግዜ ድማ ክሳብ ቢልዮን ክትሃርም ከም እትኽእል ይፍለጥ።

2. ንደጋዊ ክፍሊ ኣካላት ዝሸፍን ቆርበት፣ ሓደ ካብ ክፍሊ ሰብነትና እዩ። ከም ካልኦት ክፍሊ ኣካላትና ከም ኩሊት፣ ልቢ፣ ጸላም ኩብድን ካልእን ይሰርሕ። ኣብ ማእከላይ ዕድመ ዝርከብ ወዲ-ተባዕታይ ብገምጋም ዕስራ ትርብዒት ኣጻብዕቲ ዝግመት ቆርበት ንምሉእ ኣካላቱ ሸፊንዎ ይርከብ።

ከምኡ'ውን፣ ኣብ ማእከላይ ዕድመ እትርከብ ጓል-ኣንስተይቲ፣ ቆርበት ኣካላት ዓሰርተ ሽውዓተ ትርብዒት ኣእጋር ይበጽሕ። ብተወሳኺ፣ ብገምጋም ቆርበትና 12% ካብ ክብደት ሰብነትና ይሽፍን። ብዘይካ'ዚ፣ ኣብ ውሑዳት ካልኢታት ኣብ ቆርበትና ዝርከቡ ዋህዮታት እናተለዋወጠ እቲ ሓድሽ ኮቲ ዝነበረ ይትክእ።

3. ደቂ-ሰብ ዕድመና ዓሰርተ ሸሞንተ ዓመት ምስ በጽሐ ሓንጎልና ዕብየቱ የቋርጽ። እቲ ምንታይ፣ ሰብነት ኣብ'ቲ ደረጃ ዕድመ ምስ በጽሐ፣ ንመዓልቲ ልዕሊ ሓደ ሽሕ ዝግመት ዋህዮታት ሓንጎል ክሽሰሩ ወይ ክጠፍኡ ስለ ዝጅምሩ፣ ብኡኡ መንጽር ሓንጎልና ዕብየቱ የቋርጽ።

ኣብ ርእሲ'ዚ፣ ሓንጎል ቀጻሊ ብዘይ ዕረፍቲ ስርሑ ዘሰላስል ክፍሊ ኣካልና እዩ። ወላ'ውን ኣብ እዋን ድቃስ ብዘይ ምቁራጽ ኩሉ ዕማሙ የሰላስል። ብሸነኽ የማን ንዘርከብ ክፍሊ ኣካላት ብጸጋም ብዘርከብ ክፍሊ ሓንጎልና ክቁጻጸር እንከሎ፣ ብወገን ጸጋም ንዘርከብ ኣካላትና ድማ ብኣንጻሩ ብየማን ክፍሊ ሓንጎል ስርሑ የሰላስል።

4. ኣብ ኣካል ደቂ-ሰብ ልዕሊ ሽድሽተ ሚእቲ ንጽል ናይ ኣስከሬን (ስከልትል) ጭዋዳታትን ክልተ ሚእቲ ሽድሽተን ኣዕጽምትን ይርከበ። ሓደ ኣብ እኹል ዕድመ ዝበጽሐ ሰብ 206 ኣዕጽምቲ ክውንን እንከሎ፣ ሓድሽ ዝተወልደ ህጻን ግን ሰለስተ ሚእትን ሓምሳን ኣዕጽምቲ ይውንን። እቲ ህጻን ዕድመ እናወሰኸ ኣካላዊ ዕብየቱ እናደለበ ኣብ ዝኸደሉ እዋን እቶም ኣዕጽምቲ ገሊኦቶም ብሓንሳእ እናተጣበቑን እናዓበዩን ክልተ ሚእትን ሽድሽተን ይኾኑ።

5. ደቂ-ሰብ ንግሆ ካብ ድቃሶም ምስ ተንስኡ፣ ቁመት ኣካላቶም ከም ዝወሰኽ ትፈልጡዶ፧ እዚ ዘደንቕ ተፈጥሮኣዊ ሓቂ ሓደ ሰብ ካብ ድቃሱ ምስ ተበራበረ፣ ብገምጋም ፍርቂ ኢንች ካብ ዝበሮ ቁመት ከም ዝወሰኽ መጽናዕታዊ ጽሑፋት ይሕብር።


6. እቲ ዝበረኸ ዋሕዚ ደም ኣብ ኩሊት ይካየድ። ምናልባት፣ ዝበዝሐ ዋሕዚ ደም ኣብ ልቢ፣ ጸላም ኩብድን ሓንጎልን ዝካየድ ክመስለና ይኽእል ይኸውን። እንተኾነ፣ ተፈጥሮኣዊ ስራሕ ኩሊት ናይ ምጽማቕ ስለ ዝኾነ፣ ዋሕዚ ደም ኣብ'ታ ክፍሊ ኣካላት ይዛይድ።

7. ኣብ ጥዑይ ኩነታት እትርከብ ሳንቡእ ርዛ ሕብሪ ትውንን። እታ ብብዝሒ ሽጋራ ምትካኽን ካልእ ጠንቅታትን ዝተጠቕዐት ሳንቡእ ግን ጸሊም ናብ ካርታመ ዝኸደ ሕብሪ ይህልዋ።

8. ኣብ ማእከላይ ዕድመ ዝርከብ ሰብ ካብ 2,000 ክሳብ 4,000 ዝበጽሑ መቐረት መግቢ ወይ መስተ ዝህውሱ ንኣሽቱ ዋህዮታት ኣብ ኣካላቱ ይርከበ። እቶም ጣዕሚ ዘስተማቕሩ ዋህዮታት ኣብ መልሓስ ጥራይ ዘይኮኑ ኣብ ዳሕረዋይ ክፋል ጉረሮ፣ ኣፍንጫን ሻሕሻሻን ይርከበ። ስለዚ፣ ኣፍንጫ ብዘይካ ምሽታት ኩተስተማቕር እውን ትኽእል'ያ።

9. ገለ ሰብነት ኩሓልሙ እንከለዉ እቲ ፍጻመታት ብጸሊምን ጻዕዳን ሕብሪ ይረኣዮም። እዚ ተርእዮ ንኸሉ ሰብ ዘጋጥም ዘይኮነ፣ ንውሑዳት ዘይኮኑ ሰብነት ግን የጋጥም። እዚ ዘገርም ሓቂ፣ ጽልዋ መራኸቢ ብዙሓን ኣብ ህይወት ደቂ ሰብ ዘኹልሕ ተርእዮ ምኳኑ ተመራመርቲ የገጽሩ።

10. እቲ ዝከኣለ ዓጽሚ ክፍሊ ኣካላትና ኣብ ማእከል እዝኒ ይርከብ፤ ካልእ፣ ኣእዛንን ኣፍንጫን ቀጻሊ ደረጃ ዕብየቶም ዘቋርጹ ክፋል ኣካል ደቂ-ሰብ ምዃኖም ትፈልጡዶ፧ ብተወሳኺ፣ እቲ ዝተረረን ዝዓበየን ዓጽሚ ኣካላትና ኣብ ሰለፍና ይርከብ፤ ብዘይካ'ዚ፣ ሓደ ርብዒ ካብ ኣዕጽምቲ ኣካላትና ኣብ ኣእጋርና ይርከበ።







### ምስላታት ትዕግስቲ

- ትዕግስቲ ርስቲ-ሃብቲ።
- ካብ ምስ ተወቕዑ ምንጽርጻር፣ ከሎ ገና ሓጺር ምሕጻር።
- እንዳ ዕሎት ኣይትተገኸ፣ ድሓር ከይትብከ።
- ሰያብ ኣይትጸውዑ ለባም ጸውዑ።
- መለቦሚ ኣይግበርካ፣ መለቦሚ ኣይኽሰእካ።
- ጥዋፍ ንሱብ ተድርር፣ ንርእሳ ትሓርር።
- ህዉኽ ዝበኣ፣ ቀርኒ ይከስ።
- ምስ መሰረት ኣይትጻላእ ንጥንቲ ዝኾኑኻ፣ ኣብ ኳና ኣይትጺጋዕ ፈረሱ ከይጸቕጡኻ።

# ስፖርት

ኤርምያስ ገብረልዑል
ermileul@gmail.com

## ማራዶና !



ኣብ 80'ታትን 90'ታትን ናይ ዝሓለፈ ዘመን ድንቂ ብቕዓት ጸወታ ኩዕሶ እግሪ ካብ ዘርኣዩና ስፖርታውያን ሓደ እዩ። እዚ፡ ሓበን ላቲን ኣመሪካ ብሓፈሻ፡ ናይ ኣርጀንቲና ድማ ብፍላይ ዝኾነ በዚር ተጻዋታይ ኩዕሶ እግሪ፡ ኣብ ዝተፈላለየ እዋን ናብ ሆስፒታል ክኣቱ እኳ እንተተገደደ፡ ንሞት ዝዕቦ ግና ኣይነበረን። ቅድሚ ክልተ ሰሙንታት ዘጋየደ ናይ ርእሲ መብጥሕቲ ግና፡ ገለ ሓኪይም ኣብ ልቡ ሃሲያ ከስዕቦ ከም ዝኽእል ብምምጋት፡ ብዘውት ናይ ምስራሩ ተኽእሎ "ፍርቂ ፍርቂ እዩ" ክብሉ ተዛሪቦም ነይሮምየም - ዝሓለፈ ረቡዕ ድማ ብወቕዲ ልቢ ነዚ ዓለም ተፋንዎ! ኣርጀንቲና ነበዐት! ናፖሊ ኣልቀሰት! ኮታ ኣፍቀርቲ ጸወታ ኩዕሶ እግሪ . . . ዲያጎ ኣርማንዶ ማራዶና!

** ** **

ትማሊ ኣብ ከተማ ቦነስ ኣይረስ ናይ ቀብሪ ስርዓት ዝተኻየደሉ ማራዶና፡ ኣብ መበል 60 ዓመት ዕድሚኡ እዩ ዓሪፉ። ክልተ ደርዘን ጥራይ ብዝቖጸሩ ኣዝማዱ ተሰንዩ ስሩ ስርዓት ቀብሩ ኣብ ርእሲ ከተማ ኣርጀንቲና - ቦነስ ኣይረስ ዝተፈጸመ። እንተኾነ ከምዝፍለጥ ድሕሪ ዝተሓበረትላ ደቒቕ ክሳብ ሓመድ ደቡ ብሚልዮናት ዝቑጸሩ ደቂ ሃገሩ ኮታ ቁጽሪ 10 ማልያ ሃገራዊት ጋንታ ኣርጀንቲና ዝተጸሕፈላ ማልያ ብምውዳይ፡ ሓዘኖም ክገልጹን "ሬሳ ከሰይ ኢና" ብምባልን ምስ ፖሊስ ምጉርፋጦም ማዕከናት ዜና ገሊጸን እየን። ናብ ናዕቢ ብምኻዱ፡ ፖሊስ ብፕላስቲክ ጥይት ኑቲ ናዕቢ ከረጋግኡ ምፍታኖም ማዕከናት ዜና ትማሊ ኣማስያኣን ሓቢረን።

ዲያጎ ኣርማንዶ ማራዶና፡ ኣብ ታሪኽ ጸወታ ኩዕሶ እግሪ ኣርጀንቲና፡ ተጻዋታይ ከምኡ እውን ዓለሚ ኮይኑ ኣገልጊሉ እዩ። ምስ ክለባት ኣርጀንቲናስ ጁንዮርስ፡ ቦካ ጁንዮርስ፡ ባርሴሎና፡ ናፖሊ፡ ሰቪያን ኒውሰስ ኦልድ ቦይስ ምስ ዝኣመሰሉ ክለባት ዝተጻወተ እዚ ኮኾብ ተጻዋታይ ኩዕሶ እግሪ፡ ካብ 1977 ክሳብ 1979 ኣባል ሃገራዊት ጋንታ ኣርጀንቲና ትሕቲ 20 ዓመት፡ ካብ 1977 ክሳብ 1994 ድማ ኣባል ናይታ ዓባይ ሃገራዊት ጋንታ ነበረ። ንሃገራዊት ጋንታ ኣርጀንቲና ልዕሊ 90 ግጥሚት ኣካይዱን 34 ሸቶታት ድማ ኣቖጺሩን እዩ። ኣብ ናይ ምዕላም ግዜኡ ንዲፖርቲቮ ማንዲዩ፡ ሬሲን ክሉብ፡ ኣርጀንቲና፡ ኣል ዋስል፡ ዲፖርቲቮ ሬስታና፡ ጂምናይራ፡ ዶራዶስ ደ ሲናላን ጂምናስያ ደ ላ ፕላታን ምስልጣኑ ይፍለጥ።

30 ጥቅምቲ 1960 ኣብ ዞባ ቦነስ ኣይረስ ኣብ እትርከብ ንእሽቶ ከተማ ላኑስ፡ ኣብ እንዳ መጥሓን ካብ ዝሰርሕ ዝነበረ ኣቦኡ ዲያጎ ከምኡ ድማ ማልዳ ፍራንኮ ካብ እትበሃል ኣዲኡ ዝተወልደ ማራዶና፡ ድሕሪ ኣርባዕተ ደቂ ኣንስትዮ ኣሕዋቱ ብምውላዱ፡ ብወለዱ ፍሉይ ኣቓልቦ ይግበረሉ ምንባሩ እዩ ዝነገር።

ማራዶና፡ ዋላ'ኳ ካብቲ ብሓለንጊ ድኽነት ትሳቐ ካብ ዝነበረት ስድራ እንተተወልደ፡ ግና ካብ ግዜ ንእስነቱ ባህግታቱ ካብ ምፍጻም ዓዲ ኣይወዓለን። ወዲ ሸውዓተ ዓመት እንከሎ ድማ ኑታ ብኣኮኡ ዝተወሃቦ ብቐርበት ዝተሰርሐት ኩዕሶኡ ሓዚ ምስ ደቂ ገዛውቱ ናይ ጸወታ ኩዕሶ እግሪ ተሃሉ የወጽእ ነይሩ። ልዕሊ ኹሉ፡ ብተደጋጋሚ ልምምድ የካይድ ብምንባሩን መሳጢ ጥበብ ምፍታትን ኣብቲ ዓውዲ ብቐልሉ ናብ ዝበረኸ ደረጃ ክድይብ ካብ ዘኽኣሎ ነጥብታት ይጥቀስ።

ኣብ 1976 ምስ ክሳብ ኣርጀንቲናስ ጁንዮርስ ናይ ፕሮፈሽናል ጸወታ ጉዕዞኡ ዝፈለመ ማራዶና፡ ንሓሙሽተ ዓመታት ምስታ ክሉብ ተጻዊቱ እዩ። ኣብ 167 ጸወታታት 116 ሸቶታት ብምምዝጋብ ስሙ ክኹልዕ ክኢሉ እዩ። ኣብቲ እዋን ኣቓልቦ ክለባት ሪቨር ፕለትን ቦካ ጁንዮርስን ዝሰሓበ ማራዶና፡ 20 ለካቲት 1981 ብ4 ሚልዮን ዶላር ኣፍደገ ቦካ ጁንዮርስ በጺሑ። ምስታ ኣብ ግዜ ንእስነቱ ሚልያኣ ክወዲ ዝብህጋ ምስ ዝነበረት ክሳብ ቦካ ክጻወት ኮታሙ ኣንበረ። ክሳብ 1982 ኣብ ኣርጀንቲና ዝጸንሐ ማራዶና፡ ኣንፈቱ ናብ እስጳኛ ገበረ - ምስ ማርሴሎና ንምጽዋት።

ባርሴሎና፡ ንማራዶና ንምውናን 7.5 ሚልዮን ዶላር ወጻኢታት እያ ገይራ። ንኽልተ ዓመታት ስፖርት ኣብ ካታሎን ዝጸንሐ ማራዶና፡ ዋላ'ኳ ብተደጋጋሚ ማህሰይቲ ካብ ጸወታ ክርሕቕ እንተተገደደ፡ ኣብ 58 ጸወታታት 38 ሸቶታት ከመዝግብ ክኢሉ እዩ። ብተወሳኺ፡ ብሕማም ወይቦ ይሳቐ ዝነበረ እዚ ኣርጀንቲናዊ ኮኾብ፡ ምስ ፕረዚደንት ባርሴሎና ብተደጋጋሚ ብምጉርፋጡ ኑታ ክሳብ ሓዲጉ ናብ ካልእ ክኸይድ ወጠነ። መዕለቢኡ ድማ ክሳብ ናፖሊ ኮነ።

ካብ ባርሴሎና ናብ ናፖሊ ንኽሰግር ኣስታት 10 ሚልዮን ዶላር ወጻኢታት ዝተገብረሉ ምኽዕባር ማራዶና፡ ኣብ እዋኑ ዓቢ መዘረቢ ኣርእስቲ መራኸቢ ብዙሃን ኮይኑ። 5 ሓምለ 1984 ከተማ ናፖሊ ዝበጽሐ ማራዶና ብዐሰርተታት ኣሽሓት ብዝቑጸሩ ደገፍቲ ናይታ ክሉብ ደሙቕ ኣቀባብላ ተኻየደሉ።

ብሉጽን ተዘካሪን ናይ ጸወታ እዋን ምስ ናፖሊ ዘሕለፈ ማራዶና፡ ክሳብ እታ ኣብ 1992 ናብ ሰቪያ ዝተሰጋገረላ ዓመት፡ 188 ጸወታታት ኣካይዱ። 81 ሸቶታት ከኣ ኣመዝጊቡ። ኣብ ማእከል ምክፍፋል ከምኡ እውን ካልኣይ ኣጥቃዒ ብምኻን ንተኸላኸልቲ ኣንጻር ጋንታኡ መርዘን ዝፈጥር ዝነበረ ማራዶና፡ ኣብ 1986/'87 ከምኡ ድማ 1989/'90 ናፖሊ ዘውዲ ሰሪኣ ክትደፍእ ዓቢ እጃም ነይሩዎ። ብተወሳኺ፡ ዋንጫ ኢጣልያ 1986/'87፡ ዋንጫ ዩዌፋ 1988/'89 ከምኡ ድማ ዋንጫ ሱፐር ኢጣልያ 1990 ምስ ናፖሊ ዘልዓለ ማራዶና፡ ኣብ 1991 ኣብ ዝተኻየደሉ መርመራ ሓይሊ ዝሀብ መድሃኒት ወሲዱ ብምጽንሑ ን15 ኣዋርሕ ካብ ጸወታ ክእለ ተገይሩ እዩ።

ማራዶና፡ ኣብ ሜዳ ውሑሉ ካብ ሜዳ ወጻኢ ግና ወረሑ ኣዝዩ ሕማቕ ነበረ። ንጋዜጠኛታት ብምቕጥቃጡ፡ ብተደጋጋሚ ኮኬይን (ሓሽሽ) ምውሳዱ፡ ምስ ኣካይድቲ ክለባት ምጉርፋጡ ኮታ ኣዝዩ ዘይሰምምዕ ዝነበረ ሰጋርነት ምንባሩ ናይ ትማሊ ተዘክሮ እዩ። እዚ እናኾነ ክለባት ሪያል ማድሪድን ማርሴን እተን ብቐዳምነት ካብ ናፖሊ ምስ ወጸ ከፈርማኦ ዝወጠና ክለባት እየን። እንተኾነ ክሰልጠን ኣይከኣላን። ናብ ሰቪያ እዩ ተሰጋጊሩ። ንሓደ ዓመት ኣብ እስጳኛ ብምጽናሕ ናብ ኣርጀንቲና ብምምላሱ ምስ ኖዌልስ ኦልድ ቦይስን ከምኡ እውን ክለባት ቦካ ጁንዮርስ (ደገመ) ተሰሊፉ እዩ። ዝኾነ ኮይኑ ማራዶና ኣብ መበል 36 ዓመት ዕድሚኡ ካብ ጸወታ ኩዕሶ እግሪ ተፋነወ።

ምስ ሃገራዊት ጋንታ ኣርጀንቲና ብሉጽ ናይ ጸወታ እዋን ዘሕለፈ ማራዶና፡ ኣብ 1986 ዋንጫ ዓለም ከምኡ ድማ ኣብ 1993 ድማ ዋንጫ ኣርቴሙ ፍራንኪ ኣልዒሉ እዩ። ብፍላይ ኣብታ ናይ 1986 ዋንጫ ዓለም ኣንጻር እንግሊዝ 'ብኢዱ' ዘመዝገቦ ሸቱ፡ ክሳብ ለይቲ ሎሚ ንእንግሊዛውያን ከምትር ዘለዉ ፍጻመ ነበረት።

ልዑል ናይ ኩዕሶ ምቁጽጻር ብቕዓት ዝነበሮ ማራዶና፡ ብፍላይ ብጸጋማይ እግሩ ዘርእዮ ዝነበረ ብቕዓት ኣዝዩ ሱሓቢ ነይሩ።

ኣንፈቱ ናብ ናይ ምዕላም ስራሕ ዝገበረ ማራዶና፡ ኣብ 1994 ንክሳብ ዲፖርቲቮ ማንዲዩ እዩ ዓሊሙ። ምስ ፕረዚደንት ናይታ ክሉብ ብዘይምስምማዕ ካብታ ክሉብ ክወጽእ ወሰነ። ኣብ ናይ ምዕላም ስርሑ፡ ኣብ 2008 ንሃገራዊት ጋንታ ኣርጀንቲና ናይ ምዕላም ስራሕ ዝተዋህበ ማራዶና፡ ዋላ'ኳ ዋንጫ ክልዕል እንተዘይከኣለ፡ ኣብታ ሃገራዊት ጋንታ ሞራል ተጻወትቲ ከምዘበረኸ ይግምገም።

ኣብ መበል 40 ዓመት ዕድሚኡ 'ኣነ ዲያጎየ' እትብል መጽሓፍ ዘሕተመ ማራዶና፡ 'ኢድ ኣምላኽ' ዝተሰምየት ደርፊ እውን ናብ ዕዳጋ ኣቕሪቡ እዩ። ምሉእ እትዋት ናይ መጽሓፍን ሲዲን ንግዙብረሰናይ ኣውዒልዎ'ዩ።

ኣብ ብንእሱ ዝተፈላለየ መድሃኒት ዝጥቀም ዝነበረ ማራዶና፡ ኣብ 2000 መብጥሕቲ ልቢ ኣካዪዱ ነይሩ። ኣብ 2004 እውን ብምኽራሽን ብሕማም ልብን ብተደጋጋሚ ኣብ ሕክምና ክዕቆብ ተራእዩ እዩ። 165 ሰንቲ ሜተር ዝቖመቱ ማራዶና፡ ድሕሪ ዝተኻየደሉ ሕክምናዊ ክንክን ማዕናን ካብ 120 ኪሎግራም ናብ 70 ኪሎግራም ወሪዱ ምንባሩ እውን ይነገር እዩ።

ምስ ፊደል ካስትሮ ጥቡቕ ዕርክነት ዝነበሮ ማራዶና፡ 37 ሚልዮን ዩሮ ንመንግስቲ ኢጣልያ ክኸፍሎ ዝግብኦ ግብሪ ብዘይምኽፋሉ ኣብ 2009 ክሲ ቀሪቡሉ ነይሩ እዩ። እዚ ንሓንቲ ሰዓት 42,000 ዩሮ ዝኸፍል ዝነበረ ህቡብ ተጻዋታይ ነበር፡ ብተደጋጋሚ ጥፈሻ ኢጋጠምዎ ምንባሩ መራኸቢ ብዙሃን ይገልጻ እየን።

ብኣርጀንቲናውያን ኤል ፒበ ደ ኦ (እቲ ወርቃዊ ቈልዓ) እናተባህለ ዝጽዋዕ ማራዶና፡ ምዕራፉ ምስ ተሰምዐ ሃገሩ ኣርጀንቲና ንሰለስተ መዓልታት መዓልቲ ሓዘን ክትእውጅ እንከላ፡ ሓያለ ተጻወትቲ ድማ ሓዘኖም ብዝተፈላለየ መገዲ ገሊጾም እዮም።

ካብ ናይ ቅድም ብጻይቲ ቤቱ ክላውድያ ክልተ ቈልዑ ዘለዎ ማራዶና፡ ድሒሩ ምስ ክልተ ደቂ ኣንስትዮ ፍቕራዊ ርክብ እኳ እንተነበሮ፡ ከምዝይቀጸለ'ዩ ዝሕበር።

ህቡብ ብራዚላዊ ተጻዋታይ ፔለ፡ "ማራዶና፡ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ኣብ መንግስተ ሰማያት ኩዕሶ ክንጻወት ኢና" ክብል ኣብ ትዊተር ዘስፈሮ ጽሑፍ ብሚልዮናት ዝቑጸሩ ሰባት ኣብ ማሕበራዊ መራኸብታት ርእዮምታኖም ካብ ዝገለጹሉ ብቐዳማይ ደስራዕ።





